





1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

# Orientation to Ontario

## ተሳታፍነት ማሕበረሰብ

ኣብ ማሕበረሰብካ ክትዋስኣሉ እትኽእል ብዙሕ መገዲታት እዩ ዘሎ። ገለ ኣብነታት ድማ ኣብዚ ተገሊጹም ኣለዉ።

### ማእከላት መዘናግዒ ማሕበረሰብ

ኣብ ኦንታርዮ ዝርከቡ ዝበዝሑ ማሕበረሰባት፡ ጉጅለታት ማሕበረሰብ ክእከቡሎም ዝኽእሉ ቦታታት ኣለዉ። ብዙሓት ካብቶም ማእከላት እውን ናይ በረድ መንሸራተቲ ባይታ (skatingrinks)፡ መሐንበሲ ባስካታት፡ ናይ ጂም መስርሒን ናይ ስፖርት መጻወቲ ሸፍራታትን ኣለዎም። ናይ ዓበይቲን ህጻናትን መደባት፡ ወይ ብናጻ ወይ ድማ ብትሑት ዋጋ ይወሃብ።

- ኣብ ከባቢኻ ንዘሎ ማእከል መዘናግዒ ንምርካብ፡ 211 ደዉል

### ህዝባዊ ኣብያተ-ንባብ

እዞም ዝስዕቡ፡ ገለ ካብ`ቶም ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዘሎ ቤት-ንባብ ክህልዉ ዝኽእሉ ዓይነታት መደባት እዮም፡-

- እንግሊዝ ከም ካልኣይ ቋንቋ ምንጪታት ሓበሬታ።
- ሓበሬታ ዝህቡ ሰራሕተኛታት ምጥያስ
- ናይ ተማሃሮ ክለባት ዕዮ-ገዛን ናይ ህጻናት ክለባት ኣንበብቲን።
- ናጻ ህዝባዊ ኣገልግሎት ኢንተርነት
- ብእንግሊዝን ካልኦት ቋንቋታትን ዝተዳለዉ መጽሓፍቲ፡ CDs (ሲዲታት)፡ DVDs (ዲቪዲታት)፡ ናይ ቪድዮ ጸወታታት፡ ጋዜጣታትን መጽሔታትን።

ካርድ ናይ ቤት-ንባብ ንምርካብ፡ ዝኾነ ወግዓዊ መለለዪ (ፓስፖርት ወይ ፍቓድ መምርሒ መኪና)፡ ከምኡ ድማ ከም ቴለፎን፡ ናይ ማይ ወይ ናይ ኤሌክትሪክን ቴለፎንን ቢል ዝኣመሰለ መረጋገጺ ናይ ኣድራሻኻ ክህሉወካ ከድልየካ እዩ።

ኣብ ከባቢኻ ንዘሎ ህዝባዊ ቤት-ንባብ ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣብ Ministry of Heritage, Sport, Tourism, Culture Industries (ሚኒስትሪ ዉርሻ፡ ስፖርት፡ ቱሪዝምን፡ ባህሊን ኢንዳስትሪን) ተወከስ ontario.ca

### ቦታታት ኣምልኾ

ብመሰረት Charter of Rights and Free-doms (ቅዋም መሰልን ናጽነትን)፡ ካናዳውያን ሃይማኖቶም ክስዕቡ ናጽነት ኣለዎም። ዋላ`ኳ ኦንታርዮ ናይ ዓለማዊ ማሕበረሰብ እንተኾነት፡ ብዙሓት ኦንታርያውያን እምነቶም ኣብ ኣብያተ-ክርስትያን፡ ምኩራባት፡ መሳጊድ፡ ኣብያተ-መቕደሳትን ካልኦት ቦታታት ኣምልኾን ብምእካብ ይገልጹ።

- ኣብዚ ኣድራሻ`ዚ ተወከስ settlement.org ወይ findlink.at/worship
- ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ብምእታው ነቲ ብጫ ገጻት ተመልከቶ yellowpages.ca
- ነቲ ናይ ምጥያስ ኣማኻሪ ሐቲቶ ወይ ተወከሶ።

### ወለንታዊ ምኳን

ካብ ግዜኻ ንወኪል (ኤጀንሲ) ምሃብ፡ ምስ ሰባት ንምርኻብ፡ ናይ ስራሕ ተመኩሮ ንምድላብን ብዛዕባ ማሕበረሰብካ ንኽትመሃርን ዝሕግዘካ እቲ ዝበለጸ መገዲ እዩ።

- ብዛዕባ ወለንታዊ ምኳን ዝምልከት ሓበሬታ ምስእትደሊ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ Government of Ontario (ምምሕዳር ኦንታርዮ) ተወከስ findlink.at/MCI-Active
- ኣብ ከባቢኻ ማእከል ወለንታዊ ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣብ Volunteer Canada (ወለንታዊ ካናዳ) ተከወስ volunteer.ca ወይ ድማ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣብ Ontario Volunteer Centre Network(ማእከል መርበብ ወለንታዊ ካናዳ) ተወከስ ovcn.ca
- ስራሕ ናይ ወለንታውያን ኣብቲ ንመኽሰብ ኢሉ ዘይሰርሕ ጽላት ግብረ-ሰናይ ንምፍታሽ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ charityvillage.com

Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

# ዝምድናታት ስድራቤት

## ሓዳር

ኣብ ኦንታርዮ፡ ኣብ ሓደ ግዜ ንዳቲ ወይ ንሓደ ሰብ ጥራይ ክትምርዖ ወይ ክትምርዓዊ ትኽእል/ትኽእሊ

ኢኺ። እንተድኣ ኣብ ካልእ ሃገር ወይ ኣብ ካልእ ዞባ ዝተመርዓኻያ/ኽያ መጻምድቲ ኣላትካ ኰይና፡ ኣብ ኦንታርዮ ምስ ካልእ ሰብ ቅድሚ ምምርዓውካ ብሕጋዊ መገዲ ክትፋታሕ ኣለካ።

መርዓ ኣብ መንጎ ሕደ-ጾታ (Same-sex marriage) ኣብ ኦንታርዮን ኣብ ካልእ ከባቢታት ካናዳን ፍቑድ እዩ። ኦንታርዮ፡ ካብተን መርዓ ኣብ መንጎ ሕደ-ጾታ ዘፍቅዳ ሃገራት ተመራዒዮም ንዝመጹ ሕደ-ጾታ ከም ሕጋውያን ሰብ-ሓዳር ኣፍልጦ ትህቦም።

እንተድኣ ንሰኻን መጻምድትኻን ከይተመረዓዓኹም ወይ ቃል-ኪዳን ከይኣሰርኩም ኣብኡ ከሎኹም ብሓንሳብ ትነብሩ ኣለኹም ኰይንኩም፡ ከም ናይ ብርኪ መጻምድቲ (common-law partners) ክትቁጸሩ ትኽእሉ ኢኹም። ሰብ-ብርኪ ዝኾኑ መጻምድቲ ሕጋውነት ክህሉዎም እንተኾይኑ፡ ዉላድ እንተዘይብሎም ንልዕሊ ሰለስተ ዓመታት፡ ዉላድ እንተሃልዩዎም ድማ ንሓደ ዓመት ዝቐጸለ ናይ ሓዳር ዝምድና ክህሉዎም ኣለዎ።

## ፍትሕ

ካብ መጻምድቲ ሓዲኦም ወይ ክልቲኦም ንፍትሕ ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም። ቤት-ፍርዲ ጥራይ እዩ ፍትሕ ክፍቅድ ዝኽእል። እንተኾነ፡ ናብ ቤት-ፍርዲ ከይከድካ ዕርቂን ሽምግልናን ተጠቒምካ ወይ ኣብ መንጎ ጠበቓታት ብዝካየድ ምርድዳእ ተሓጊዝካ ነቲ ናይ ፍትሕ ጉዳይ ክተደቅሶ ትኽእል ኢኻ። ናይ ብርኪ መጻምድቲ ምስዝፋትሑ፡ ኣብ መዳይ ንብረትን ናብዮት ቆልዓን ሕጋዊ ጉዳያት ክጋጥሞም ይኽእል፡ ስለዚ፡ ንሕጊ ዝምልከት ምኽሪ ምድላይ ኣገዳሲ እዩ።

## ዘቤታዊ ዓመጽ

ኩሎም ኣንጻር በዓልቲ-ቤት/በዓል-ቤት፡ በዓልቲ ብርኪ መጻምድቲ/ዲ ወይ ኣንጻር ዝኾነ ኣባል ስድራቤት ዝፍጸሙ ኣገባባት ኣካላዊ ዓመጽ ሕጋውያን ኣይኮኑን። እዚ ከኣ እንተላይ ንዘይተደልየ ጾታዊ ግብሪ የጠቓልል፡ ንዝኾነ ሰብ ክጎድኣካ ወይ ክቐትለካ እናበልካ ምፍርራህ እውን ገበን እዩ። ዘቤታዊ ዓመጽ ከምዝፈጸመ ዝእመን ዝኾነ ሰብ፡ ግዳይ ማእሰርቲ ዘጠቓለለ ከቢድ መቕጻዕቲ ይኸውን።

እንተድኣ ኣብ ሓደጋ ኣሎኻ ኰይንካ፡ ናብ 911 ደዊልካ ንፖሊስ ጸውዕ።

ካብ ኣባል ስድራቤት ወይ ካብ ዝኾነ ካልእ ሰብ ዓመጽ ዘጋጥመን ደቂ-ኣንስትዮ፡ በዚ ዝስዕብ ቑ.ቴለፎን ናብቲ

Assaulted Women's Helplineat (ናይ ዝተጠቕዓ ደቂ-ኣንስትዮ መስመር ሓገዝ) ዝበሃል ክድውላ ይኽእላ

1-866-863-0511፡ 24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ፡ 7 መዓልታት ኣብ ሰሙን ክፉት እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስawhl.org ። ኣገልግሎታት ቴለፎን ብ154 ቋንቋታት ተዳልዩ ኣሎ።

## ዓመጽ ቆልዓ

ዓመጽ ቈልዓ ማለት፡ ንቈልዓ ወይ ንመንእሰይ ጉድኣት ወይ ስምዒታዊ ሃስያ ከስዕበሉ ዝኽእል ዝኾነ ኣገባብ ናይ ኣካላዊ፡ ስምዒታዊን ጾታዊን ኣተሓሕዛ ወይ ዘይምግዳስ እዩ። ዓይነታት ዓመጽ ቆልዓ-ኮተቴ ድማ፡ ስምዒታዊ፡ ኣካላዊ ወይ ጾታዊ (ምትንኻፍ ወይ ምትንኻፍ ዘይኰነ) ዓመጽ፡ ኣብ ስድራቤት ንዝፍጸም ጐነጽ ምቅላዕ፡ ከምኡ ድማ ሸለል ምባል (ዘይምግዳስ) የጠቓልል። ሸለልትነት፡ ነቲ ቆልዓ-ኮተቴ መዕቆቢ፡ መግቢ፡ ክዳውንቲ፡ ትምህርቲ፡ ጽቡቕ ክንክን ጽሬት፡ ክትትል፡ ክንክን ጥዕና፡ እኹል ዕረፍቲ፡ ሞራላዊ መምርሒ፡ ልምምድ፡ ውሑስ ኣከባቢን ንጹህ ኣየርን ብዘይምቕራብ ወይ ብዘይምሃብ ክፍለጥ ይኽእል።

ብዛዕባ ዓመጽ ቈልዓን ሸለልትነትን ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ justice.gc.ca

ብዛዕባ ሕጊ ስድራቤት ኣብ ኦንታርዮ፡ እንተላይ ብዛዕባ መሰላትካን ግዴታትካን ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ Ministry of the Attorney General (ሚኒስትሪ ኣኽባር ሕጊ) በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ attorneygeneral.jus.gov.on.ca

ብዛዕባ ሕጊ ስድራቤት ኦንታርዮ ዘፍቅዶ መሰላት ደቂ-ኣንስትዮ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ Family Law Education for Women (ትምህርቲ ሕጊ ስድራቤት ንደቂ-ኣንስትዮ) በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ onefamilylaw.ca

ንግዳያት ጾታዊ ወይ ዘቤታዊ ዓመጽ ዝኸውን ሓገዝ ንምርካብ፡ ን Ontario Women'sDirectorate (ናይ ደቀንስትዮ መራሕቲ ቦርድ ኦንታርዮ) በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሶ women.gov.on.ca

ብዛዕባ ግድያት ዝረኽቡዎ ኣገልግሎት ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ attorneygeneral.jus.gov.on.ca

